# ኣህጉራዊ ጸግዒ ንኽረኽቡ ዚግበር ምግዓዝ ኣመልከትቲ

ንግሪኽ ዚኸውን ንኡስ - ጽሑፍ ሓበሬታ TI



ስእሊ፥ ኣንድረይ ቦነቲ

SUPPORT IS OUR MISSION

ኣህጉራዊ ጸግዒ ዘድልየኩም እንተኾይኑን ኣብ ፕሮግራም ምግዓዝ ስደተኛታት ሕብረት ኤውሮጳ (European Union Relocation Programme) ንኽትሳተፉ ብቑዓት እንተኾንኩም፥

- ኣህጉራዊ ጸግዒ ንኽትረኽቡን ኣብ ፕሮግራም ምግዓዝ ስደተኛታት ንኽትጽንበሩን መደብ ከምዘለኩም ንEASO ወይ ወኪል ላዕለዋይ ተጸዋዒ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ወይ ሰብ-መዚታት ግሪኽ (UNHCR) ሓብሩ
- ኣብ ትሕቲ ኣገልግሎት ዑቕባ (Asylum Service) ናብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ዑቕባ ኣውራጃ (Regional Asylum Office) ብኣካል ኺዱ
- መመልከቲ ንኽተቕርቡ ቆጸራ ንምሓዝ፡ ኩሉ ግዜ ሰኑይ፡ ሰሉስን ሮቡዕን ካብ ሰዓት 9:00ቅ.ቀ ክሳዕ 10:00ቅ.ቀ፡ ብመገዲ ስካይፕ፡ መለለዩ ተጠቃሚ፥ asylum.service.relocation ገይርኩም ደውሉ።

## ‘ምግዓዝ ስደተኛታት እንታይ እዩ?’

ምግዓዝ ስደተኛታት፡ እቶም ኣህጉራዊ ጸግዒ ብሓቂ ዘድልዮም ሓተትቲ ዑቕባ ካብ ግሪኽ ናብ ካልእ ኣባል ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ ምስግጋር ማለት እዩ። እቲ ንኣህጉራዊ ጸግዒ ዚቐርብ መመልከቲ፡ በታ እትሰጋገሩላ ሃገር ጥራይ ከምዚምርመር ይኸውን። ምግዓዝ ስደተኛታት፡ ሓተትቲ ዑቕባ ካብ ግሪኽ ናብ ካልኦት ሃገራት ኤውሮጳ ዝሰጋገርሉ ውሑስን ሕጋዊ መገድን እዩ። ኣብዚ ፕሮግራም ንምስታፍ ዝኽፈሎ ዝኾነ ገንዘብ ወይ ክፍሊት የለን። እቲ መስርሕ ኣብ ዝካየደሉ እዋንን ናብ እትግዕዙላ ሃገር ኣብ እትሰጋገርሉ እዋንን ዝውሃበኩም መንበሪ ገዛ፡ ብዘይ-ክፍሊት ብናጻ እዩ።



Photo: Andre Bonetti

## ናበይ ሃገር ኽግዕዝ ይኽእል?

ኣብ ፕሮግራም ምግዓዝ ስደተኛታት ናብ እትሳተፍ ኤውሮጳዊት ሃገር ኽትግዕዙ ትኽእሉ ኢኹም።

## ኣብ ፕሮግራም ምግዓዝ ስደተኛታት ንኽሳተፍ ብቑዕ ድየ?

ኣህጉራዊ ጸግዒ ብንጹር ዘድልየኩም ሓተትቲ ዑቕባ እንተ ኼንኩም፣ ናብ ግሪኽ ድማ ድሕሪ 24 መጋቢት 2015 ዝኣተኹም እንተ ኼንኩምን ዜጋታት ሶርያ፣ ኤርትራ፣ ዒራቕ፣ ማእከላይ ረፑብሊክ ኣፍርቓ፣ ባሕረይን፣ የመንን ስዋዚላንድን እንተ ኼንኩም ወይ ድማ ኣብ ሓንቲ ካብዘን ሃገራት ኣቐዲምኩም እተቐመጥኩም ዜጋታት ዘኾነት ሃገር እንተዘይኼንኩም፣ ኣብ ፕሮግራም ምግዓዝ ስደተኛታት ንኽትሳተፉ ኽትምዝገቡ ኢኹም። ዝርዝር ብቑዓት ሃገራት ድማ ኣብ ነፍስወከፍ ሰለስተ ኣዋርሕ ከምዝምሓየሽ ይኸውን።



## ኣገዳሲ

## ደረጃ ብደረጃ ዚካየድ ምግዓዝ ስደተኛታት፥

1) ኣብ ግሪኽ ኣህጉራዊ ጸግዒ ንኽትረኽቡ መመልከቲ ኽተቕርቡ ኣለኩም።
2) ንመንነትኩም ዜረጋግጽ ኲሉ ሰነዳት ከምኡውን ብፖሊስ ግሪኽ እተዋህበኩም ኲሉ ሰነዳት ከተቕርቡ ኣለኩም።
3) ምግዓዝ ቦታ ንኽግበረልኩም ሓንሳእ ምስተመዝገብኩም፡ መንበሪ ገዛ ክውሃበኩም እዩ።
4) ናብ እትግዕዙላ ሃገር ክሳዕ እትሰጋገሩ ኣብ እትጽበዩሉ እዋን፡ መንበሪ ገዛ ብዘይ-ክፍሊት ብናጻ ክውሃብኩም እዩ።
5) ሓቅነት እትህብዎ ቃል-መግለጺታትን ትኽክለነት እተቕርብዎ ሰነዳትን፡ ብኣገልግሎት ዑቕባን ብእትግዕዙላ ኤውሮጳዊት ሃገርን መርመራ ኽካየደሉ እዩ።
6) ንስኹምን ኣባላት ስድራኹምን (በዓል-ቤት/ብዓልቲ-ቤት ከምኡውን ቆልዑ) ተቐባልነት ከምዝረኸብኩም፡ ብኤውሮጳዊት ሃገር ንግሪኽ ምስተሓበሩ፡ ግሪኽ፡ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ብውሑስ፡ ሕጋውን ብዘይ-ክፍሊትን ከምእትሰጋገሩ ኽትገብር እያ።
7) ውሳኔ ምግዓዝ ቦታ ድማ ብጽሑፍ ክውሃበኩም እዩ።
8) ብዛዕባ ምስግጋር ቦታ ዚምልከት ሓበሬታ ክውሃበኩም እዩ።
9) ኣብ እትግዕዙላ ሃገር ምስበጻሕኩም፡ እቲ ዘቕረብክሙዎ መመልከቲ ኣህጉራዊ ጸግዒ ክምርመር እዩ፣ እቲ ዘድልየኩም መሰረታዊ ነገር ድማ ክማልኣልኩም እዩ።

## ንዝግዕዘላ ሃገር ባዕለይ ክመርጽ ይኽእል'ዶ?

እትግዕዙላ ሃገር ኽትመርጹ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ነዚ ውሳኔ ንምሃብ ድማ ገለ ጉዳያት፥ ዘድልየኩም ፍሉይ ኲነታት፡ ኲነታት ጥዕናኹም፡ ርክባት ምስ ስድራ፡ ክእለት ቛንቛን ክህልወኩም ዚኽእል ዝኾነ ባህላዊ ወይ ማሕበራዊ ዝምድናታት፡ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ግምት ከምዚኣቱ ኪኸውን እዩ። ኣብተን ኣባላት ሃገራት ዘሎ ብዝሒ ቦታታት ዝኣመሰለ ካልእ ረቛሒታት ድማ ኣብ ግምት ክኣቱ እዩ።




- ብኤውሮጳዊት ሃገር ዑቕባ ምስረኸብኩም፡ ብመትከል፡ ኣብታ ሃገር'ቲኣ እንተወሓደ ንሓሙሽተ ዓመታት ኽትቕመጡ ኣለኩም።
- ብሰበ-መዝተታት ፍቓድ እተዋህበኩም እንተዘይኮይኑ፡ ካብዛ ኤውሮጳዊት ሃገር ንኽትወጹ ኣይፍቀደልኩምን እዩ።
- ብዘይ ፍቓድ ካብታ ሃገር እንተወጺእኩም፡ ናብታ ግዒዝክሙላ ዝነበርኩም ሃገር ከምእትምለሱ ኽግበር እዩ።

# እዚ ኣይትግበሩ፥

- ንዘይሕጋውያን ኣሰጋገርቲ፡ ገንዘብ ምሃብ፣
- ብዘይ-ሕጋዊ ኣገባብ ምጉዓዝ፣
- ንርእስኹምን ንስድራቤትኩምን ኣብ ሓደጋን ሽግርን ምእታው።

# ክትኽትድወን ናይ እትኽእሉ ዝርዝር ኣብያተ-ጽሕፈት ዑቕባ፥

| ዞባውያን ኣብያተ-ጽሕፈት ዑቕባ | ጐደና |
|---|---|
| ኣቴንስ (ATHENS) | 2, P. KANELLOPOULOU ST, 10177 ATHENS<br>2፣ ፒ. ካነሎፑሎ ስትሪት፣ ዚፕኮድ 10177፣ ኣቴንስ |
| ተሳሎኒኪ (THESSALO-NIKI) | EX B BUILDING-PONTOU-LAHANAGORA (GREEN GROCERY MARKET) AREA, 540 01, THESSALONIKI<br>ኤክስ ፖንቶስ ክተዮ ቢ ብዩልዲንግ-ላሃናጎራ (ግሪን ግሮሰሪ ማርኬት) ኤርያ፣ ካሎሆሪ፣ ተሳሎኒኪ |
| ሳውዝ ኢቭሮስ (SOUTH EVROS) | 1B, MAKRIS AVE., 681 00 NEA CHILI, ALEXANDROUPOLIS<br>1-ብ፣ ማክሪስ ስትሪት፣ ዚፕኮድ 68100 ነያ ቺሊ፣ ኣለክሳንድሩፖሊ |
| ኖርዝ ኢቭሮስ (NORTH EVROS) | First Reception Centre, 680 06 FILAKIO, ORESTIADA<br>ኣሌንስ ስፐሽያል ሃውሲንግ ፋሲሊቲ (ኤኤችፒኤ)፣ ፊላኪኦ፣ ኦረስትያዳ፣ ዚፕኮድ 68006 |
| ሮደስ (RHODES) | 1, ELEFTHERIAS SQUARE, TRAFFIC POLICE BUILDING, 851 00, RHODES<br>1፣ ኣለፍተሪኣስ እስኴር፣ ሮዶስ፣ ትራፊክ ፖሊስ ብዩልዲንግ፣ ዚፕኮድ 85100 |
| ለስቮስ (LESVOS) | Nationality Identification Centre, MORIA, 811 00, LESVOS<br>ሲቲዘንሺፕ ኣይደንቲፊኬሽን ሰንተር፣ ሞርያ፣ ሚቲሊኒ፣ ዚፕኮድ 81100 |
| ሳሞስ (SAMOS) | VATHI, SAMOS<br>ቫቲ፣ ሳሞስ |

| ብተሌፎን ዚግበር ህጹጽ ሓገዝ ዘለወን ኣባይተ-ጽሕፈት ዑቕባ | ለስቮስ (Lesvos)፣ ቺዮስ (Chios)፣ ሳሞስ (Samos)፣ ለሮስ (Leros)፣ ኮስ (Kos) |
|---|---|

## Map of Greece




ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ብ info@easo.europa.eu ገይርኩም ንEASO ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም።

European Commission

EASO

BZ-01-16-194-TI-N

Publications Office

Print: ISBN 978-92-9243-901-9 doi:10.2847/425158
Web: ISBN 978-92-9243-884-5 doi:10.2847/07996